# ሰሚናር ሰ.ዲ.ህ.ኤ. ጨናፍር ስካንዲናቭያን

ብዕለት 11 መጋቢት 2017 ዓ.ም.ፈ. ብተሳታፍነት ምሉኣት ኣባላት ሰ.ዲ.ህ.ኤ. ነብርቲ ኣብ ሃገራት ስካንዲናቪያን ፍሉይ ሰሚናር ኣብ ከተማ ስቶኮልም ሽወደን ኣብ ትሕቲ ስጡም ዉሽጣዊ ዓወት ቃልስና!!! ዝብል መርሕ ጭርሖ ኣዝዩ ዕምቆት ዝሓዘ ሰሚናር ኣካይዶም።




ነዚ ኣገዳሲ ፍሉይ ሰሚናር ናይ ኣባላት ሰልፊ መግለጺ ዝሃበ ሓው ረዘነ ተስፋጽዮን ኣባል ፈጻሚት ሽማገለ ሰ.ዲ.ህ.ኤ. ሓላፊ ምጣኔ ሃብታዊ ቤት ጽሕፈት ነበረ። ሓው ረዘነ ተ/ጽዮን ብኣዝዩ ንጹር ቅኑዕ ርትዓውነትን ዝተሰነየ መደረ ንሓደ ሰዓት ዝወሰደ መሳጢ ተንካፊ መሃሪ መዓዲ መግለጺ ሃበ። ሱዒቡ ከኣ ንዳርጋ ክልተ ሰዓታት ዝወሰደ ክፉት ርእይቶታትን ልዝብን  ኣብ ዝትቀረበ መግለጺ ተመርኲሶምን ንእዋናዊ ሃለዋት ሰልፍን ደምበ ተቛሞን ተንኪፎም ጽዑቅ ብነብሰ ምፍታሽን ዝተመርኮሰ ሙዉቅ  ክትዕ ልዝብን ብምክያድ ከኣ፡ ብዕግበት ብስጡም ዉህደት እቲ ዝለዓለ ሓጋጊ ኣካል ማእከላይ ባይቶ ሰልፊ ንሓድነትን ዕቤትን ሰልፊ ዝወሰዶ ኣገባብ ኣድኒቆም ንትግባሬኡን ንምክልኻሉን ከኣ ዕጥቆም ክድርዑ ብሙሉእ ድምጺ ወሲኖም ። ምስኡ

**ከምዚ ዝኣመሰለ ዓመታዊ ርክብ ናይ ኣባላት ቀጻሊ ክኸውን ብሙሉእ ድምጺ ወሲኖም። ኣብ መደምደታ...**

**ንዓሻ ንበይኑ ጌርካ ጽረፎ እሞ ባዕሉ ክጽረፍ እዩ !!!**

**ንክበኣሰካ ዝመጸ ሰብ ኣይበስን ኢልካ ግደፎ ጸኒሑ መባእስቲ ሲኢኑ ክምህምን እዩ !!!** **ዝብሉ ብሩህ መልእኽቲ ሓዘል ምስላ ለባማት ኣቦታትና ኣሎና ብምባል ብድጋመ** **ስጡም ዉሽጣዊ ሓድነትና ዓወት ቃልስና!!!** **ጨሪሖም ብዝኸሪ ስዉኣት ሰሚናር ብደስታ ዛዚሞም።**